# ፌስቲቫል መዓር ትግራይ ካብ 16-19 ሕዳር 2010 ዓ.ም ኣብ ከተማ መቐለ ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ደሚቑ ክሳለጥ እዩ

ብሚኪኤል ምሩፅ 10-02-17

ፌስቲቫል መዓር ትግራይ 2010 ዓ.ም ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ትግራይ ምስ ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራትን ካልኦት መዳርግትን ብሓባር ብምዃን ብዝተፈላለዩ መድረኻት ኣብ ከተማ መቐለ ብድምቀት ዝኽበር እንትኸውን ካብቶም ፐሮግራማት ውሽጢ ሲምፖዝየምን ኤግዚቪሽንን ከምዝህሉ ምክትል ቢሮ ሓላፍን ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ልምዓትን ሓለዋ ጥዕናን ሃፍቲ እንስሳ ኣይተ ጀማል ግደይ ካብዝሃብዎ ጋዜጣዊ መግለፂ ምርዳእ ተኻኢሉ።




ምክትል ቢሮ ሓላፍን ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ል/ሓ/ጥ ሃፍቲ እንስሳ ኣይተ ጀማል ግደይ



ከም መግለፂ እዞም ሓላፊ ቀንዲ ዕላማ እዚ ፌስቲቫል ፍርያትን መፍረይነትን መዓር ክልልና ንምምሕያሽ ኮይኑ ብበርኪ ዓለም ኣብ ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮ ትግራይ ወርቂ መፃኢ ፖሊሲ 2017 ዝተሸለመትሉ ተግባር ኣብ ምርባሕ ንህቢ/ልምዓት መዓር/ ናይ ባዕሉ ኣበርክቶ ዘለዎን ረብሓታቱ ብግልፂ ዝርአየሉ ኩነታት ከምዘሎ ገሊፆም።

ኣብቲ ዝሳለጥ ዋዕላ ተሞኩሮ ወፃእን ውሽጢ ዓድን ዝቐርብ እንትኾን ኣብዚ ዘፈር ዝዋስኡ ኣካላት ተሞኩሮ ቀሲሞም ዝሓሸ ሜላ ኣለማምዓ ክኽተሉን ካብዚ ዘፈር ተረባሕቲ ክኾኑን፤ ምስ መዓር ባእድ ነገራት ምሕዋሳ /adultration/ ገበን ምኻኑ ተረዲኦም ካብዚ ተግባር ዓርሶም ከግልሉን ንብፆቶም ከስተምህሩን፣ ምስ ዕዳጋ ዝተኣሳሰርሉ ዕድል ንምርካብን ንምልማዕ ንህቢ ዝሕግዙ ቴክኖሎጅታት፣ ምህዞታትን ውፅኢት ምርምራትን ተረዲኦም ስራሕቲ ልምዓት ንህቢ ብዕዳጋ ዝተቓነየን ብቴክኖሎጂ ዝተሰነየን ክኸውን ድሕሪ እዚ ዋዕላን ኤግዚቪሽንን ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት ከምዝኾኑ ኣረዲኦም።

ብድምር ኣብ ትግራይ 482000 ዕስለ ንህቢ ዝርከቡ እንትኾኑ ካብዚ እቲ 38 ሚእታዊ ኣብ ዘመናዊ ቆፎ ዝርከብ ዝተረፈ ኣብ ባህላዊ ቆፎ እዩ።በብዓመቱ 96000 ኩንታል መዓር ዝብርበር እንትኸውን 62 ሚእታዊ ናይዚ መጠን መዓር ካብ ዘመናዊ ቆፎ ዝተረኸበ እዩ።ከም ክልል ኣብ ዓመት ካብ 2-3 ግዘ ምብርባ ዝካየድ እንትኸውን ዓመታዊ ማእከላይ መፍረይነት መዓር ክልልና 35 ኪ.ግ ካብ ሓደ ቆፎ እዩ።

ፀጋታት ልምዓት ንህቢ ኣብ ቁጠባ እዛ ክልል ዝህልዎ እጃም ዓብይ ስለዝኾነ ነዚ ሴክተር ጥራሕ ብፍሉይ ዝጥምቱን ዝድግፉን 112 ንህቢ ቴክኒሻናት ኣብ ወረዳታት ተመዲቦም ይርከቡ።